Federal Foreign Office

Berghof Foundation

# ማኑዋል ሃገራዊ ምይይጥ መምርሒ ንሰብ ሞያ

## ሓፈሻዊ ፅሟቕ

ምስ... ብምትሕብባር

Schweizerische Eidgenossenschaft
Confédération suisse
Confederazione Svizzera
Confederaziun svizra

Federal Department of Foreign Affairs FDFA
**Directorate of Political Affairs DP**
Human Security Division:
Peace, Human Rights, Humanitarian Policy, Migration

swisspeace
Schweizerische Friedensstiftung
Fondation suisse pour la paix
Fondazione svizzera per la pace
Swiss Peace Foundation

**ABOUT THIS PUBLICATION**

This publication is the Executive Summary of Berghof Foundation's National Dialogue Handbook. A Guide for Practitioners. The Executive Summary provides a comprehensive overview of the National Dialogue Handbook which grounded in a series of contemporary case studies, aims to contribute to the nascent debate about National Dialogue, bringing together insights and expertise from diverse regions. The purpose of the Handbook is twofold: (1) to offer an analytical framework of National Dialogues and (2) to serve as a practical tool for those engaged in the implementation of these processes. It also addresses the role of external actors and how they can best support National Dialogue processes, but it is focused primarily on those who are in the driver's seat when it comes to decisions on the design, conduct and implementation of National Dialogue processes.

**ABOUT THE BERGHOF FOUNDATION**

The Berghof Foundation is an independent, non-governmental organisation supporting people in conflict in their efforts to achieve sustainable peace through conflict transformation. For 50 years, we have worked to bring key people in conflict together to enable them to resolve their conflicts through dialogue and negotiations and find ways to live peacefully. Through a combination of research, education and practical peace support, we enable and support learning processes that inspire the development of new perspectives, relationships and behaviour, thus opening possibilities for conflict transformation.

**PUBLISHED BY**

Berghof Foundation Operations gGmbH
© Berghof Foundation Operations gGmbH
Lindenstraße 34
10969 Berlin
Germany
www.berghof-foundation.org

December 2022
All rights reserved.

Coverdesign: AMBERPRESS, Katja Koeberlin, Gosia Warrink
Translation: Strategic Agenda
Assistant Translator and Proof-reader: Hadgu Teka

Federal Foreign Office

Berghof Foundation

# ማኑዋል ሃገራዊ ምይይጥ መምርሒ ንሰብ ሞያ

## ሓፈሻዊ ፅሚቕ

### ድሕረ-ባይታ

ኣብ ዝሓለፈ ዓሰርተ ዓመት ሃገራዊ ምይይጥ ንቲ እናወሰኸ ዝመፅእ ዘሎ ጎንፂ ንምዕጋትን ፖለቲካዊ ቅልውላው ን ስግግር መንግስትን ንምቁፅፃርን ከም ወሳኒ መሳርሒ ኮይኑ ክረአ ፀኒሑ እዩ። ዋላኳ ብመራሕቲ ሃገራት፣ ተቓወምቲ ፖርትታት፣ ጉጅለ ስቪል ማሕበረሰብን ዕጡቓትን፣ ከምኡ ድማ ብዓለም ለኸ ፖሊሲ፣ ሰብ ሞያ፣ ኣብ ዙርያ ዲፕሎማሲያውን ለገስትን ኣካላትን ብሰፊሑ ዝዝተዩ እንተኾኑ እዚ ተፈላጥነቶም ግና ናይ ኣምር ግልፀነት ዝጎዶሎ እዩ። ሃገራዊ ምይይጥ ልኩት ኩነት ፖለቲካ፣ መቓቓላይ ዝኾነ ትዕይንተ ጎንፂ፣ ወይ ድማ ናዕቢ ዝመለኦ እዋን ስግግር ንምሕላፍ ንዝምርምሩ ሰብ ሞያ ብዙሓት ኣድመዐትን መሰረታውን መምርሕታትን ተግባራዊ ሓገዛትን ዝህቡ ማተሪያላት ኣይርከቡን።

ኣብ ቀረባ እዋን ኣብ ዝተገበሩ ትንተናዊ ምርምራት ዝተመስረተ እዚ ማኑዋል ካብ ዝተፈላለዩ ቦታታት ዓሚቕ ኣስተብህሎን ተመክሮን ዘለዎም ብምትሕብባር ኣብቲ ሓዱሽ ውልዶ ዝኾነ ሃገራዊ ምይይጥ እጃም ምውፋይ ዝዓለመ እዩ። እዙይ ማኑዋል ክልተ ዕላማታት ኣለውዎ፡- (1) መፅናዕታዊ መፃውር ሃገራዊ ምይይጥ ንምድላው (2) ነዞም ከይድታት ኣብ ምትግባር ንዝተዋፈሩ ሰባት ግብራዊ መሳርሒ ንምሃብ። ብዘይካ'ዚ ግዳማዊ ተዋሳእቲ ብዛዕባ ዘለዎም ግደን ንሃገራዊ ምይይጥ ብኸመይ ብዝበለጸ መገዲ ኽድግፉ ኽም ዝኽእሉን ዝገልጽ እኳ እንተ ኾነ፣ ብቐንዱ ግና ኣብቶም ብዛዕባ ንድፍን ኣካይዳን ምትግባርን ሃገራዊ ምይይጥ ውሳነ ዝገብሩ ሰባት እዩ ዘተኮር።

### እቲ ኣምር (ጽንሰ ሓሳብ)

ሃገራዊ ምይይጥ ብደረጃ ሃገር ዝውነን ፖለቲካዊ ከይዲ ኮይኑ ኣብ እዋን ዓሚቕ ፖለቲካዊ ቅልውላው፣ ድሕረ ውግእ ዘለዉ ኩነታትን ኣፀጋሚ ስግግር ፖለቲካን ሰፊሕ ርሕቐት ንዘለዎም መዳርግቲ ኣካላት ስምምዕ ኣብ ምፍጣር ዝዓለመ እዩ። ከከም ዓውዱ ሃገራዊ ምይይጥ ኣብዞም ዝስዕቡ ኩነታት ከም መይላ ክውዕል ይኽእል፤ (ሀ) ***ምክልኻልን ምቁፅፃርን ጎንፂ***፣ ናይ ሓፂር እዋን ፈተነ፣ ከም መንገዲ ስትራቴጂ ወትሃደራዊ ጎንፂ ንምፍታሕ ወይ ንምክልኻል፣ ልኩት ኩነት ፖለቲካ ንምስባርን ሒደት ፖለቲካዊ ስምምዕ ንመዕሳልን (ኣብነት ቱኒዝያ)፤ ወይ ከዓ (ለ) ***መሰረታዊ ለውጢ፤ ምስ ትልሚ ነዊሕ ኣንፈት*** ፣ ርክብ መንግስቲ - ማሕበረሰብ ዳግም ንምምርማር፣ ወይ ከዓ ብትካላውን መንግስታውን ለውጥታት ኣቢልካ ሓዱሽ 'ማሕበራዊ ውዕሊ' ንምትካል ዘኽእል መንገዲ ንምቕራፅ (ኣብነት የመን)።

ሃገራዊ ምይይጥ ፖለቲካዊ ቅልውላውን ደማዊ ጎንፅታትን ከምኡ እውን ከይዲ መስርሓዊ ለውጥን ጎድና ጎድኒ ከም ስምምዕን ሽምግልናን ዝበሉ ብልሓታት ምልዋጥ ጎንፂ ንምንዳይ ዝሕግዝ እንኮ *one* መንገዲ እዩ። ቀንዲ መግለፅታት ሃገራዊ ምይይጥ እቲ ከይዲ (ኣብ ክንዲ እቲ ውፅኢት) ምእዛነ ፣ ስፍሓትን ዕምቆትን ተሳትፎ (ዝተፈላለየ ክፋል ሕብረተሰብ ዘተኣሳስር)፣ ከምኡ እውን ሃገራዊ ውዳበኡን ዘለዎ ኣሳልጦን (ናይ ደገ ተዋሳእቲ ኣብ ሓገዝ ጥራሕ የድህቡ)። እንተኾነ ብተግባር ዝኾነ ዘላቒ ፍታሕ ጥምረት ዓውዲ መሰረት ዝገበረ መይላታትን ከይዲ መስርሕታትን ይጠልብ። ከይዲ ሃገራዊ ምይይጥ ብተግባር ብደረጃ ምድላው ሽምግልና ሓሊፉ ኣብ ቁልፊ ፖለቲካዊ እዋናት ተመሊሱ ናብ ውዕውዕ ስምመዕ ክመፅእ ይኽእል። ብተወሳኺ ድማ ቅድመ፣ ድሕረ ወይ ድማ ጎድና ጊድኒ ከይዲ ስምምዕ ወይ ሽምግልና ክፍፀም ይኽእልን።



ምስ... ብምትሕብባር

Schweizerische Eidgenossenschaft
Confédération suisse
Confederazione Svizzera
Confederaziun svizra

Federal Department of Foreign Affairs FDFA
Directorate of Political Affairs DP
Human Security Division:
Peace, Human Rights, Humanitarian Policy, Migration

swisspeace
Schweizerische Friedensstiftung
Fondation suisse pour la paix
Fondazione svizzera per la pace
Swiss Peace Foundation

# ካብ ሥነ ሓሳብ ናብ ተግባር፡ ኣማራፅታት ከይዲ ትልምን ኣገደስቲ ተግባራትን

ሕድ ሕድ ሃገራዊ ምይይጥ ምስቶም የዐርዮም ዓውዳዊ ዝኾኑ ጠለባትን ዕላማታትትን ሕድሕድ ከይዲ ዝሰማማዕ ናይ ባዕሉ ፍሉይ መዋቕር ከማዕብል እዩ። ይኹን እምበር ቅርጽታት ሃገራዊ ምይይጥ ነቲ ቐንዲ ጉዳያት ምምላስ ክጅምር እንከሎ ምምስሳል ክስትውዓል ይከኣል *(⇢ መዋቕር ሃገራዊ ምይይጥ ገፅ 5)* እዩ። ንጹር ንምግባር እታ መምርሒ መጽሓፍ ኣብ መንጎ ዝተፈላለየ ደረጃታት ነገራት መእንታን ንጹር ክኾኑ እዚ ማንዋል ኣብ ዝተፈላለዩ ብርክታት ኣፈላላይ ይገብር (ምድላው፣ ከይድን ኣፈፃጥማን) ከምኡ ድማ ዝሰማምዑ ትካላት ብግልፂ ይምድብ። (ምድላውን፥ መስርሕን፥ ምትግባርን) ትፈሊ ነተን ተመሳሳሊ ትካላት ድማ ብንጹር ትመቓቕለን። ብተግባር ግና ካብ ሓደ ብርኪ ናብ ካልእ ዝግበር ስግግር ዘይርጉእ፣ ዘይቀጥታውን መብዛሕትኡ ግዘ ዝኹለፍን ከም ብሓድሽ ዝጅምርን ይኸውን።

## ብርኪ ምድላው

ብርኪ ምድላው መብዛሕትኡ ግዘ ኣብ ውሽጡ ንኡሽቶን ከይዲ ስምምዕ ይሓቁፍ። እዚ እዋን እዚ ንቲ ከይድን ምሕዝነት ናይቶም እቲ ጎንፂ ብሰላማዊ፣ ፖለቲካውን ዘተ መሰረት ብዝገበረ መልክዑ ዝተናደየ ምኺኑ ብልዑልነት ናይ ዝውስኑ ፓርትታትን ጠቓምቲ ዝኾኑ ስምምዓት ዝቕረፀሉ እዋን እዩ፤ ዋላኺ ክንድቲ ዝኣክል ምውጋይ ፖለቲካ እንተሃለ ምስ እዚ ብርኪ ዝተተሓሓዙ ቴክኒካዊ መዳያት ንዳይራይ ከይዲ መስርሕ ፅልዋ ኣለዎም። ሃገራዊ ምይይጥ ቅድሚ ኣብ ተግባር ምውዓሉ እቲ ናይ ምድላው መስርሕ መብዛሕትኡ ግዜ ምስ ናይ ገዛእ ርእሱ ሰፊሕ ናይ መንግስታዊ ትሕተ ቕርፂ ክምዕብልን ክሰማማዕን ኣለዎ። ኣብዚ ደረጃ እዚ ዝዕየዩ ቐንዲ ዕዮታት (1) ላፍነት ምምዳብ፤ እንኮላይ ምንፃር ሽቶ፣ ዕላማን ደረት እቲ ከይድን (2) ነቲ መስርሕን ንሰባትን ምድላው ከምኡ'ውን (3) ምትእምማን ምህናፅ ምርጫ ቅጥዒ ምድላው ብቐንዱ ብዕላማ እቲ መስርሕን በቲ ኽርከብ ዝከኣል ፍልፍላትን ረብሓታት ናይቶም ቀንዲ መዳርግቲ ኣካላት ኢዩ ዝውሰን። ብደረጃ ኣምር መስራሓዊ ዝኾነ ናይ ሓባር ስምምዕ ካብ ማእኸላይ ሽቶ ሃገራዊ ምይይጥን ቁልፊ መትከላትን ክብገስ ኣለዎ።

## *ቀንዲ ረቛሒታት*

- **ንጹር ምኺን** ሃገራዊ ዘተ ኣብ ክውንነት ዝተመርኰሰ እንታይ ክዓምም ከም ዝኽእል ከምኡ'ውን ኣብ ዓበይቲ ናይ ስግግር መስርሕ ብንጹር ከም ዝኣትው ግባር ኢዩ።
- **ዋንነት:** ሓቀኛ ተሳትፎ መዳርግቲ ኣካላትሰፊሕ ምኽሪ ምግባር ከምኡ'ውን ንኹሉ ዝሓቑፍ ምድላው ምግባር ሕጋውነትን ዋንነትን ከም ዝህሉ ዝገብር ኢዩ። ተዋሳእቲ ንድፍን ምትግባርን ሃገራዊ ምይይጥ ብዝምልከት ኣብ ቅድሚት ዝስርዑ ክዀኑ ኣለዎም
- **ሓቛፍነት:** ብርኪ ምድላው መይላ ሓቛፍነት ብምኽታል ድልየት ሰፊሕ መዳርግቲ ኣካላት ኣብ ግምት ዘእተወ ክኸውን ኣለዎ፤ ቀንዲ (መንግስቲ) ፓርትታተ ኣብ ልዕሊ እተን ምድላዋት ዘካይዳ ትካላት ስልጣን ክጥቀሙን ንብምሉኡ እቲ መስርሕ "ክጨውይዎን" ዝኽእሉሉ ሓደጋ ኣሎ።
- **ንጹር ሓላፍነትን ዕላማን:** እቲ መስርሕ እንታይ ክዓምም ከም ዘለዎ (ከምኡ'ውን እንታይ ከም ዘይኰነ) ንጹር ምግባር ኣድላዪ ኢዩ። እዚ ኸኣ እኹል ንድፊ መስርሕ ይሕብር ንኣተሓሕዛ ትጽቢት ድማ ይድግፍ።
- **መንበር:** ነቲ መድረኽ ምድላው ዝኸውን ትኽክለኛ ሓላፊ ምምራጽ ብዛዕባ ቕንዕና እቲ መስርሕ ኣገዳሲ ምልክት ክኸውን ይኽእል እዩ፣ ሕጋዊ ንምግባር ድማ ክሕግዝ ይኽእል እዩ።
- **ቀልጢፍካ ንምኻድ ቀስ እናበልካ ምኻድ:** እቲ ምድላው ብርኪ ነቲ መስርሕ ግቡእ መቕድም ጥራይ ኣይኰነን ማዕረ ጠመተን ሓልዮትንብምግባር ድማ መደብ ክግበረሉን ክተኣታቶን ኣለዎ።
- **መይላታት ዕማም:** ስልጣን፣ ሓላፍነትን ምውሳን ምኽኣልን ግድን ግልፂ ንድፊ ክወፀሎም ኣለዎ። ኣካል እቲ ምድላው ንተሳትፎ ዝኾኑ ረቛሕታት ፣ ኣማራፅታት ምውሳን ኣጀንዳ ከምኡ እውን ልኡት ኲነት ንምስባር ዝኽእሉ ኣማራፅታት ከማዕብል እንትጅምር ዝበለፀ ክዓዪ ይኽእል።
- **ኣገዳስነት ምትእምማን ምህናፅ መዐቀንታት:** መብዛሕትኡ ግዜ ተሪር ድርድር ዝልለ፤ እዚ ደረጃ እዚ ብምትእምማን ብዝሃንጹ ስጐምትታት ዝድገፍ እንተድኣ ኼይኑ ርክብን ምትእምማንን ንምህናጽ ፍሉይ ኣጋጣሚ ይኸፍት ኢዩ።

- **ሃብቲ፡** ሃገራዊ ምይይጥ ንምግባር ብዙሕ ገንዘባውን ሰብኣውን ሃብቲ የድሊ። ካብ ዓበይቲ ወፈያ ዝህባ ሃገራትን ኣህጉራዊ ትካላት ቍጠባን ደገፍ ምውሓስ ኣድላዪ ኢዩ። ካሊእ ማዕረ ኣገዳሲ ዝኾነ ጉዳይ ሰርሕ ዝኽእል መስርሕ ኣከፋፍላ ገንዘብ (ማለት ማዕከን ሕድሪኣብ ቦታኡ ምቛም ኣገዳሲ እዩ። ሓደ መንግስቲ ዘይኰነ ዕጡቕ ተዋሳኢ ኣብዚ መስርሕ እዚ ምስ ዝሳተፍ ነቲ ጕጅለ ዝወሃብ ገንዘብ (ንኣመሓዳሪ ንሎጅስቲክ ከምኡ'ውን ካልእ ከምኡ ዝኣመሰለ ነገራት) ፖለቲካውን ሕጋውን ጉዳይ ክኸውን ስለዝኽእል ንፖለቲካዊ ስምዒት ኣብ ግምት ዘእተወን ብጥንቃቐን መልክዑ ክዳነ ኣለዎ።

## ብርኪ ከይዲ መስርሕ

ብርኪ ከይዲ መስርሕ ካብ ኩሉ ንላዕ ህዝባዊ ዝኾነ ብርኪ ሃገራዊ ምይይጥ እዩ። ምስ እዚ ብርኪ ዝተኣሳሰሩ ቀንዲ ደረጃታት፣ ከይድታትን መይላታትን እዘም ዝስዕቡ እዮም።

**መዘራረቢ ዛዕባ ምድላው፡** ከይዲ ምውሳን ኣጀንዳ— ንጹርን ንኹሉ ብዝሓቑፍ መገድን ዝመሓደር እንተ ኾይኑ — ንባህርይ ሃገራዊ ምይይጥ ብዝያዳ ንጹርነት ይፈጥረሉ፤ እቶም ውድባት ኣብቲ መስርሕ እቱው ክኸውን እምነት ኣብ ምህናጽ ከምኡ'ውን ብዛዕባ ሓላፍነትን ራእን ሓባራዊ ምርድዳእ ከም ዝህልውዎም ኽገብር ይኽእል እዩ።

**ዝእመንን ተኣማንነት ዘለዎ ኣመያያጢ ምርካብ፡** ምርጫ ናይቲ ኣወሃሃዲ ምይይጥ መብዛሕትኡ ግዜ ካብቲ ሓፈሻዊ መስርሕ እንታይ ትጽቢት ክግበረሉ ከም ዝከኣል ዝሕብር ዓብዪ ምልክት ኢዩ። ሰፊሕ ተኣማንነትን ተቐባልነት ዘለዎ ኣመያያጢ ምምራጽ ዓብዪ ሃብቲ ኢዩ፡ መብዛሕትኡ እዋን ድማ ውሽጣዊ ኣሸማገልቲ ብፍላይ ነዚ ኣገዳሲ እጃም ንምፅዋት ኣብዚ ቦታ ይምደቡ።

**መጠን ምውሳን፡** ግቡእ ዝበሃል መጠን የብሉን፣ ኣብ ክንድኡስ እዚ ኣብቲ እቲ መስርሕ ዝጠልቦ ዕላማ ኢዩ ዝምርኰስ (ምክልኻል ቅልውላው/ ምቁፅፃር ምስ ኣንፃር ለውጢ እቲ መስርሕ ምውሳን ክብደት ኣማራጺታት ብምምዝዛንን ኣብ መዋጥር ብምዕያይን ክኸውን ኣለዎ። ይኹን እምበር ኣብ ክንዲ ምምሕዳራዊ ለውጢ ምስ ሓቛፊ ከይዲ መወዳደርቲ ገይርኻ ካብ ምርኣይ ንቲ ዳሕረዋይ ጥበብ ብዝተመለኦ መልክዑ ጠመተ ብምሃብ ንተሳትፎ ዝኾኑ ዝተፈላለዩ መንገድታት ምንዳይ (ቀጥታዊ፣ ዘይቀጥታዊ፣ ወዘተ) ዳሕረዋይ ተሳትፎ ንምግባር ዝሕግዝ ዝተፈላለየ መመያየጢ ቦታታት ምእላሽ ኣብ ግምት ክኣትው ኣለዎ (ቀጥታዊ ብተዘዋዋሪ ወዘተ)።

**ተሳተፍቲ ምምራጽ፡** ምርጫ እቶም ተሳተፍቲ መብዛሕትኡ ግዜ ዝተፈላለየ ደረጃታት ዘለዎ ሰፊሕ ኣቀራርባ እዩ፣ ነቲ ምስዚ ጉዳይ እዚ ዝተሓሓዝ ማሕበራዊ ኣሰራርሓ ሕብረተሰብ ብዘንጸባርቕ መገዲ ድማ ክዳሎ ኣለዎ። ተሳተፍቲ ምምራጽ ሓደ ኻብቲ ሃገራዊ ምይይጥ ሓፈሻውን ንኹሉ ዝሓቍፍን ምኳኑ ንምርግጋጽ ዝሕግዝ ኣገዳሲ መሳርሒ እዩ፣ እዚ ኸኣ እቶም ተሳተፍቲ ነቲ ኣብ ሕብረተሰብ ዘለዎም ቦታ ብዘንፀባርቕ መልክዑ ክካተቱ ኣለዎም (ኩሎም ፓርትታት ሓደ ዓይነት መቐመጢ ካብ ዘለዎም ኣንፃር ኣይኮነን፣ ኵሎም ወገናት ማዕረ ኽፍ መበሊ ዘለዎም ከም ምኳኑ መጠን)። መይላታት ምምራፅ መዐቀንታት ሕጋዊ ኮይኖም ተቐባልነት መእንታን ክረኽቡ ናይ ግድን ነንባዕሎም ዝሰማምዑ፣ ዘየዳልዉን ንፁርን ክኾኑ ኣለዎም (እዙይ ድማ ብንፁር ክመሓላለፉ ምኽኣል እዩ)

**ምውፃእ ሓበርቲ መምርሕታትን መሰረታዊ ሕግታትን:** ሕጋውነት ንምዕሳል ርትዓውነት ከይዲ መስርሕ ኣድላዪ ረቛሒ እዩ። ከምኡ ድማ ኣብ ሕግታት ከይዲ መስርሕ፣ ንቲ ከይዲ ንምቁፅፃር ኣብ ዘሎ ክእለት ምድጋፍን ብንጥፈት ኣብ ምስታፍን ንፁርነት ክህልው ኣለዎ።

**ውሳነ ምግባርን ሓባራዊ ውሳነ ናይ ምምዕባል ንድፈታት፡** ኣብ ሃገራዊ ምይይጥ ዝግበር ውሳነ መብዛሕትኡ ግዜ ኣብ ሓባራዊ ስምምዕ ዝተመርኰሰ እዩ፣ እዚ ኸኣ መብዛሕትኡ ግዜ ኣድካሚን ሓደገኛ ክኸውን ዝኽእልን ዘየተኣማምን መስርሕ እዩ። መብዛሕትኡ መስርሕ ዝተፈላለየ ደረጃታት ዘለዎ ኣቀራርባ ዘማዕብል እንትኾን ከስግሮ ዝኽእል ናይ ባዕሉ መስርሕ ድማ ኣለዎ። ጽቡቕ ጌርካ እንተ ተለማሚዱ ዝተፈላለዩ ተዋሳእቲ ነቲ መስርሕን ውጽኢቱን ሕጋውነትን ዓሚቝ ተሓላቕነትትን ከም ዝህልዎ ክገብር የኽእል እዩ።

**ንህዝቢ ምስታፍ፡** እቲ መስርሕ ብማሕበረሰብ ከም ዝፍጸም ምግባር ህዝባዊ ወሰንን ምኽርን ከም ዘድሊ ምግባር ምርግጋጽ። ነዚ መስርሕ ክትስዕቦን ኣብ ዝተፈላለየ ደረጃታት ሓገዝ ክትህብን ምኽኣልካ ህዝባዊ ደገፍን ሓበራዊ ተሓላቕነትንይውስኽ። ልዕሊ ኹሉ ድማ ነቲ መስርሕ ትርጉም ብዘለዎ መገዲ ንምምጋብ መስርሕ ክምሃዝ ኣለዎ።

**ናይ ደገፍ ማሓውራት ምፍጣር፣ መይላታት ምፍራስ ልኩት ኩነት ከምኡ'ውን ናይ ድሕንነት መርበብ ምፍጣር፡** እዘን መሓውራት እዘን ልኩት ኩነት ንምስጋር ከምኡ'ውን ነቲ ማእከላይ ናይ ውዕላትን ምይይጥን መስርሕ መስመሩ ሓልዩ ክኸይድ ይገብር። ኣብ ሓባራዊ ስምምዕ ንምብጻሕን ልኩት ኩነት ንምስፋንን ካብ ዝተጠቕመሉ ሃገራዊ ልምድታትን ጥሪትን ክትጥቀም ኣገዳሲ እዩ።



Schweizerische Eidgenossenschaft
Confédération suisse
Confederazione Svizzera
Confederaziun svizra

Federal Department of Foreign Affairs FDFA
**Directorate of Political Affairs DP**
Human Security Division:
Peace, Human Rights, Humanitarian Policy, Migration

swisspeace
Schweizerische Friedensstiftung
Fondation suisse pour la paix
Fondazione svizzera per la pace
Swiss Peace Foundation

## ብርኪ ኣፈፃፅማ

ካብ ብርኪ መስርሕ ሃገራዊ ምይይጥ ውፅኢታት ናይ ምርኣይ ተኻእሎ ኣሎ ገለ ካብዚ ኸኣ ***ዘይርአ*** (ምህናፅ ርክብ ትምህርቲ ሲቪል ወዘተ) ከምኡ’ውን ***ዝርአ*** (ፖለቲካውን ቅዋማዊ ለውጢ ወዘተ) ክጥቀስ ይከኣል። ዝኣመሰሉ ውፅኢታት ጭቡጥ ውጽኢት ብግቡእ ኣብ ግብሪ ምውዓል ማዕረ እቲ ነዚ ውጽኢት እዚ ንምብጻሕ ዝግበር መስርሕ ኣገዳሲ እዩ። ፅሬትን ተሓላቕነትን እቲ ስምምዕ ዝተገበረሉ ብግልፂ ክረአ ዝኽእል ኣብዚ ደረጃ እዩ። ቀጥታዊ ውፅኢት ሃገራዊ ምይይጥ ምስ ስምምዕ ኲናት ጠጠው ምባል ወይ ሽምግልና ዝመሳሰል እኳ እንተኾነ ኣብ ስምምዕ ንምብፃሕ ዝኽየዶ መስርሕ ግና ኩል ግዘ ዝተፈለየ እዩ። ሃገራዊ ምይይጥ ዓርሰ ውዳበን ብዓርሰ ተበግሶ ዝቀላጠፍ ከይዲ ኮይኑ ውፅኢቱ ድማ ልዕሊ እቲ መዕፀዊ ፅምብል ክሰርሕ ዝቕፅል እዩ። ኣብ ርእሲ እዚ’ውን ኣብ ሓባራዊ ስምምዕ ዘተኰረ መስርሕ ምስታፍ ሓያል ተመክሮ ክኸውን ይኽእል ኢዩ። ኣብዚ ደረጃ እዚ እውን ካብቲ ልሙድ ንላዕሊ ብዙሓት ሰባት ምእታው ነቲ ውግእ ደው ንምባል ወይ ሽምግልና ንምግባር ኣብ ግምት ከእትዉ ኣለዎም፤ ሰባት እቲ ዝገብርዎ ወፈያ ኣብቲ ናይ ምትግባር ደረጃ ክኽፈል ከሎ ክርእይዎ ኢዮም ዝደልዩ። ብርኪ ኣፈፃፅማ ብዝተፈላለየ መይላታት ክቐላጠፍ ይኽእል እዩ፡ እንተላይ (1) ንኣፈፃፅማ ዝሕግዝ መሓውራት(2) ምውሓስን ምቁፅፃርን መይላታት፣ (3) ተኸታታሊ ዝርርብ ዝግበሩሎም ኣኼባታት። ኣብቲ መስርሕ ብውዕውዕ መንፈስ ምቕፃልን ንብርኪ ኣፈፃፅማ ንኹሉ ብዝሓቁፍን ዘሳትፍ መልክዑ ምንዳፍን ንከይዲ ኣፈፃፅማን ይሕግዝን ከይዲ ለውጢ የጠናኽርን።

## *ቀንዲ ረቛሒታት*

- **ምቁፅፃር ትፅቢት ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ** ከምኡ’ውን ብዛዕባ ሃገራዊ ምይይጥ ካብ መጠን ንላዕሊ ህርፋን ዘይምግባር ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ። ሃገራዊ ምይይጥ በቲ ጭቡጥ ውጽኢቱ ጥራይ ዘይኰነስ ብዛዕባ እቲ መስርሕ ብሓፈሻ ብምስትንታን እውን ክግምገም ኣለዎ። ኣብ ርእሲ እዚ ’ውን ዕውት ዝኾነ ቅልጡፍ ኣፈፃፅማ ናይ ሓፂር እዋን ውፅኢት ከም ዓቢ ነገር ገይርካ ክውሰድ የብሉን፤ኣብ ክንድኡስ መሰረታዊ ለውጢ ንክግበር ዝኽእል ሰፊሕ ምትግባር መገዲ ክጸርግ ኣለዎ።
- ናብቲ ውፅኢት ንምብፃሕ ዝኽየድ ክያዶ ማዕረ እቲ ጽርየት ውፅኢት ኣድላዪ እዩ። ኣብ ሃገራዊ ምይይጥ ጠቓሚ ዝኾነ ነገር **ኵሎም ተሳተፍቲ ሓባራዊ ስምምዕ ንምብጻሕ ይጽዕሩ** ንኹሎም ዝምልከቶም ኣካላት ብዝሓቁፍን ብዘሳትፍን መልክዑ እዚ እውን ብግዲኡ ካብ መጀመርታ ኣትሒዙ ንቲ ውዕል ሰፊሕ ሓገዝ ዘቀላጥፍን ንዕውት ኣፈፃፅማ ዘመቻቑን ይኸውን። ካልእ ንኣፈፃፅማ ሓጋዚ ዝኾነ ነገር ስምምዓት ልዕሊ እቲ ትሑት ዝበሃል ሓበራዊ መጠን ኮይኖም ጥርዓናት ብኣግባቡ እንትስምዑ እዩ።
- ናብ ሃገራዊ ምይይጥ ዝመርሕ መደብን ምድላውን እኳ እንተሎ ብፍላይ ኣብ ደረጃ ብርኪ ኣፈፃፅማ **ብመደብ ዝምራሕ መስርሕ ከምዘይኮነ ምውሓስ፣** የግዳስ ብለውጢ ዝምራሕ/ ዝቕየር መስርሕ ከም ዝኸውን ምግባር ሓጋዚ እዩ። ንኣፈፃፅማ ንፁር ዓውደ ግዘ ምስ ደረጃታት ክህልው ይግባእ (ጽኑዕ ግን ከኣ ኣብ ክውንነት ዝተመርኰሰ ናይ መወዳእታ ግዜ) ግን ወትሩ ተዓጻጻፊ ዝኾነ። 'ኣማታኢ ዝኾነ ሃናፅነት' ኣብ ዝተወሰነ እዋናት ሓጋዚ ክኸውን ዝኽእል እኳ እንተኾነ **መይላታትን ኣካላትን ኣፈፃፅማ ኣብ ንጹር ቋንቋ ኢዩ ዝምርኰስ** ኣብ ው|ዕላትን ለበዋን ብተወሰኺ፣ ዘይተማልአ ስምምዓት ምእንቲ ከይዋሓጡን ወይ ምእንቲ ኸይጠፍኡን ቆጺሎምውን ካልእ ውዕላት ንኸይፍጸም ከየዓናቕፉ ተኸታታሊ ክትትል የድልዮም እዩ።
- ብሥነ ሓሳብ ደረጃ ብርኪ ሃገራዊ ምይይጥ ስለ 'ምዕጻው' ዘይኰነስ ብዛዕባ **ኣብ ዝተፈላለየ ደረጃታት ቀጻሊ ዝርርብ ንምግባር ቦታ ዝኸፍት ክኸውን ኣለዎ** (ንኣብነት ብሃገር ለኸ ደረጃን ዘይወግዓዊን ተሳተፍቲ ዝህሉ ምይይጥ)። ቀፃልነት ንዘለዎ መዋቕር፤ ሥነ ሓሳብ መሓውር ንሰላም (I4P) ኣብ ግምት ከነእቱ ኣሎና።



Schweizerische Eidgenossenschaft
Confédération suisse
Confederazione Svizzera
Confederaziun svizra

Federal Department of Foreign Affairs FDFA
Directorate of Political Affairs DP
Human Security Division:
Peace, Human Rights, Humanitarian Policy, Migration

swisspeace
Schweizerische Friedensstiftung
Fondation suisse pour la paix
Fondazione svizzera per la pace
Swiss Peace Foundation

# ማዕቀፍ ሃገራዊ ምይይጥ

## ብርኪ ምድላው

**ወግዓዊ ወይ ዘይወግዓዊ ተበግሶታት ኣብ ፈለማ ምድላዋት ክትግበሩ ብምግባር ናብ ፖለቲካዊ ባይታ ምብፃሕ ይከኣል።**

*ኣድራሻ ኮሚቴ (የመን)*

### ኮሚሽን ምድላው

**ነዚ መስርሕ እዚ ዘዳሉ ቀንዲ ኣካል። ይትርጉም ወይ ይውስን**

- **ዕላማን ኣጀንዳ**
- **መዋቕር/ ቅርፂ እቲ መስርሕ**
- **ንኣሰራርሓን ምርጫን እቶም ተሳተፍቲ ዝኸውን መለክዒታት**
- **ምምራፅ ሓላፊ**
- **ውሳነ ናይ ምግባር ከይዲ**
- **መዋቕር ሓገዝ**
- **ሎጀስቲክ፤ ገንዘብን ድሕንነትን**

*ኮሚቴ ምድላው(CAR)*
*ኣርቃቒ ኮሚተ (ኣፍጋኒስታን)*
*ኮሚተ ምድላው (በኒን)*
*ላዕለዋይ ኮሚሽን ምድላው (ሱዳን)*
*ናይ ምድላው ኣኼባ (ፖላንድ)*

## ብርኪ ከይዲ መስርሕ

### ስምምዕ ኮሚቴ

**ዓበይትን ኣካታዕትን ጉዳያት ዝፈትሕ ኣካል ልኡት ኩነት ንምስባር ዝሕግዝ ኮይኑ የገልግል ሓሓሊፉ እዚ ዕዮ ብኻልኦት ኣካላት ይስራሕ ከምኡ እውን/ ወይ ከዓ ዘይወግዓዊ ብዝኾኑ መዋቕራት**

*ኣራማ ኮሚቴ (ባሕሬን)*
*ኮሚተ ሓባራዊ ስምምዕ (የመን)*
*ኮሚተ ዕርቂ (ኣፍጋኒስታን)*

### ጸሓፊ

**ከም ምምሕዳርን ሰነዳትን ገንዘባዊ ምምሕዳርን ዝኣመሰለ ነዚ መስርሕ እዚ ብተክኒካዊ መገዲ ይድግፎ እዩ። ንህዝቢ ብምሕባርን ብምምኻርን ክፍፀም ይኽእል**

*ጸሓፊ (ኣፍጋኒስታን፡ የመን)*
*ኮሚተ ውድብ ተክኒክን ቴክኒካዊ ጸሓፊን (CAR)*
*ፕረዚደንታዊ ትካል (ኮሎምብያ)*
*ጸሓፊ ሰላም (ነፓል)*

### ፈፃሚ ስራሕ

**ንቲ መስርሕ ዝቆፃፀር፣ ዝመርሕን ዘተሓባብርን ተቖፃፃሪ ኣካል። ***

*ፈፃሚ ስራሕ (በኒን ማሊ)። ቤት-ጽሕፈት መሪሕነት (ኣፍጋኒስታን)። ፕረዚደንት (ቦሊቭያ ኮሎምብያ። ላዕለዋይ ምትሕብባር ኮሚቴ(ሱዳን)። ፕረዚደንት (የመን)።*

*** ብዙሕ ወግዓዊ ኣብ ዘይኮነ መስርሕ፣ እቲ ሓላፊ/ ኣሳላጢ ንዚ ተግባር ክኽውን እዩ ተባሂሉ ይእመን፤ ኳርተር ኣብ ቱንዝያ ከም ዝገበረቶ**

### ምልኣት

**ንኹሎም እቶም ኣብቲ መስርሕ ብቐጥታ ዝተሳተፉ ዘጠቓልል ማእከላይ ምይይጥ ዝግበረሉ መአከቢ። ከም ቀንዲ ወሃቢ ውሳነ ኣካልኹይኑ እዩ ዝዓዪ።**

*ባይቶ (ኣፍጋኒስታን)*
*ሓፈሻዊ ኮሚተ (ባሬን)*
*ምልኣት (ኢራቕ)*
*ዓብዪ ምልኣተ ጉባኤ ኣኼባ (ማሊ)*
*ምልኣተ ጉባኤ ከቢብ ጠረጴዛ (ፖላንድ)*

### ጉጅለታት ስራሕ

**ኣብ ዝተወሰነ ጉዳያት ንምዕያይ ዝወሓደ እዩ።**

*ጉጅለታት ስራሕ (ኣፍጋኒስታን)*
*ጉጅለታት ስራሕ (ባሬን)*
*ናይ ስራሕ ኮሚሽን (በኒን፡ ቦሊቭያ)*
*ጉጅለታት ዝተወሰኑ ጉዳያት (CAR)*
*ናይ ስራሕ ኮሚሽን (ጓቲማላ)*
*ቀንዲ ንኡስ ሰደቓታት (ፖላንድ)*
*ኮሚተታት (ሱዳን)*
*ኮሚተታት ተክኒክ (ደቡብ ኣፍሪቃ)*

## ኣፈፃፅማ

**ካብቲ መስርሕ ዝርከብ ተመክሮ ናብ ዘይረኣዩ ዝተፈላለዩ ውፅኢታት ክመርሓና ይኽእል ፣ ንኣብነት ኣብ ኣረኣእያን ርክባትን ዝግበር ለውጥታት ከምኡ'ውን ብዛዕባ ቐንዲ ጉዳያት ዝያዳ ንቕሓትን ፍልጠትን ከም ዝህሉ ክገብር ይኽእል ኢዩ።**

### ውጽኢታት

- ፖለቲካዊ ለውጢ
- ሕገ-መንግስታዊ
- ስርዓታት ሰብኣዊ መሰላት
- ውሑስ ስግግር
- ማሕበራውን ቍጠባውን ተሓድሶ
- "ምስ ሕሉፍ ምቅላስ" ከምኡ'ውን ናይ መሰጋገሪ ፍትሒ መስርሕ

**መሓውራት ኣፈፃፅማ**

**ውሓስን ምቁፅፃርን መይላ**

**ተኸታታሊ ዝርርብ ዝግበሩሉ ኣኼባታት**

Federal Foreign Office

Berghof Foundation

## ግዳማዊ ተሳትፎ

ሃገራዊ ምይይጥ ብሃገር ዝውነንን ዝምራሕን ስለዝኾነ ንግዳማዊ ባእታታት፣ ኩነታትን ተዋሳእትን ኣይቃልዕን ማለት ኣይኮነን፤ ግዳማዊ/ኣህጉራዊ ተዋሳእቲ ኣብ ሃገራዊ ምይይጥ ዝተፈላለየ ግደ ኣለዎም። ከምቲ **ኣኽኣሊ** ብደረጃ ዓለም ለኸ ኣብ ዝግበር ሃገራዊ ምይይጥ ሓገዞም ይውፍዩ፤ ፅልዋኦም ኣብ ተጓነፅቲ ኣካላት የሕድሩ፤ ምስቲ ካልእ ፓርቲ ክዛተዩ ፀቕጢ ይገብሩሎም፤ ከምኡ ድማ ፓርትታት ክራኸቡ የተባብዑ (ኣብነት ጉጅለ ሾመንተ ኣብ ጓቲማላ) እዚ ኸኣ ዝተሓዋወሰ መተባብዒ (ናይ ዕዳ መቓለሊ ረድኤት ጥቕልላት) ከምኡ'ውን ጸቕጢ ('ብልሒ ዝተመለአ ማእቀብ) ዘጠቓልል ክኸውን ይኽእል ኢዩ። ከም **ገንዘብ ሓጋዚ** ንሃገራዊ ምይይጥ ዝውዕል ገንዘብ ብቐጥታ ፈሰስ ይገብሩ (የመን) ወይ ድማ ብተዘዋዋሪ መንገዲ ከባብያዊ ብዝኾነ ሜላ ንከይዲ ፖለቲካ ይሕግዙ (ኔፓል)(የመን) ወይ ብተዘዋዋሪ በቲ ንፖለቲካዊ መስርሕ (ነፓል) ዝድግፍ መስርሕ ኣቢሎም ገንዘባዊ ሃብቲ ይህቡ እዮም። ከም **ተዓዛቢ** ኣብቲ ከይዲ ይርከቡ፣ ንጡፍ ተራ ከይተፃወቱ፣ ከም ተዓዘብቲ ይዋስኡ፣ ዓለም ለኸ ደገፍ እቲ ከይዲ የውሕሱ፣ ኣብ መንጎ ወገናት ንዝህሉ ስምምዕን ምሕዝነትን ጥጡሕ ባይታ ይፈጥሩ። ከም **ዋሕስ** ንከይዲ ሃገራዊ ምይይጥን ውፅኢት ኣፈፃፅማን ግዴታኦምን ፖለቲካዊ ሓገዞምን ብምውፋይ ከም ዓቃባይ ይዋስኡ። ኣብቲ እቶም ተሳተፍቲ ወገናት ውሑድ ምትእምማን ኣብ ዘለዎም ዓውድታት ኢድ ኣእታውነት ግዳማዊ ተዋሳእቲ ከም ተዓዘብቲ ወይ ዋሕስ ምትእምማን ይሃንፅ፤ ነቶም ወገናት ድማ ኣብቲ ከይዲ ከጓንፎም ንዝኽእል ሓደጋ ይቕንሰሎም። እዞም ግዴታት ተሰማዕነት ስለዝጠልቡ መብዛሕትኡ እዋን ፅልዋ ብዘሕድሩ መንግስታት ወይ ከዓ ዓለም ለኸን ዘባውን ውድባት ይፍፀሙ (ኣብነት፤ ሕቡራት ሃገራት ኣብ ጓቲማላ፤ ኢማራት ዓረብን ኳታርን ድማ ኣብ ሊባኖስ)።

ከም **ተክኒካዊ ኹነ ኽኢላ ደገፍ ኣቕረብቲ** ኣብ ዝተወሰኑ መዳያት ቴማዊ እቶታት የቕርቡ (ንድፊ መስርሕ፥ መቐሎ ስልጣን) ስልጠና ክእለትን ተዛማዲ ሰብ ሞያንኣብ መንጎ ዝተፈላለዩ ተሳተፍቲ ሃገራዊ ምይይጥ ምስላጥ ወይ ኣብ መንጎ ግዳማዊ ኽኢላታትን ተሳተፍትን (ንኣብነት ዩ. ኤን. ዲ. ፒ. (UNDP) ኣብ ዮርዳኖስ ስዊዝ ኣብ ኔፓል)። ከም **መሳለጥቲ** ፍልልይ ኣብ ዘለዎም ነጥብታት ከም መሸማገላይ ኮይኖም ብምውሳእ ነቶም ተሳተፍቲ ናብ ዘይወድዓዊ ኩነታት ብምምፃእ ወድዓዊ ብዝኾነ መንገዲ ክረኣዩ ወደወዓዊ ብዘይኮነ መንገዲ ንምእላይ ዘፀግሙ ምርጫታት ክፍትኑ ብምግባር ኣብቲ ከይዲ ምትእምማን ይፈጥሩን ውሱናት ዘዕባታት ይፈትሑን። (ኣብነት፤ ሕቡራት ሃገራት ኣብ ሊብያ፤ ሕቡራት ኣፍሪካ ኣብ ሱዳን) ኣብ መወዳእታ ግና ሽለል ዘይበሃል ድማ ከም **ፈፃሚ፤ ተቖጻጻሪ** ከምኡ'ውን **ኣረጋጋጺ** ኣብ ግብሪ ንምውዓል ወይ ከኣ ብሰንኪ ሃገራዊ ምይይጥ ዝተረኽበ ውጽኢት ንምቍጽጻር ሓላፍነት ኣለዎም። እዚ ዕዮ እዚ መብዛሕትኡ ግዜ ዘባዊ ወይ ዓለም ለኻዊ እዩ ዝፍጽም (ባንክ ዓለም ኣብ የመን፣ ኣብ ኬንያ ዝርከብ ጉጅለ ውሩያት) እንተኾነ እዚኦም መሰረቶም ኣብ ዓውዲ ዘንፀፉ ስለዝኾኑን ርሕቕ ዝበሉ ከባብታት ስለዝሸፍኑን መብዛሕትኡ እዋን ብተቖፃፀርትን ኔትወርክን ውዱባት ከባቢያዊ ሲቪል ማሕበረሰብ እዮም ዝድገፉ።

ከም መጠን ባህሪ ግዳማዊ ተዋሳኢ፤ ፖለቲካዊ ወይ ልምዓታዊ ተዋሳኢ ክኸውን ይኽእል፤ ኣብ ሕድ ሕድ ብርኪ ሃገራዊ ምይይጥ ድማ እቶም ኣዝዮም ውሱናት ዝኾኑ ተግባራት ክምምዩ ይኽእሉ።

| | ተዋሳእቲ ፖለቲካ | ተዋሳእቲ ልምዓት |
|---|---|---|
| ምፍላፁ | ≣ መተባብዒ ምውጻእን ፖለቲካዊ ደገፍ ምህናጽን<br>≣ ምቾእ ሃዋህው ንምፍጣር ተሰማዕነት ንዘለዎም ኣህጉራውን ዘባኣውን ተሳትፎ ዘለዎም መዳርግቲ ኣካላት ንምርካብ ምጽዓር<br>≣ ምትእምማንን ርክብን ንምህናጽ ደገፍ ምግባር | ≣ ብመልክዕ ቀረብ ሓገዝ መተባብዒ ምግባር/ ክልከላ<br>≣ ኣብቲ ከይዲ ኣጀንዳ ልምዓት ክካተት ናይ ዝሕለቑ ጉጅለታት ዓቕሚ ምህናፅ<br>≣ ምትእምማንን ርክብን ንምህናጽ ደገፍ ምግባር<br>≣ ኣብ ታሕተዋይ መበገሲ ብርኪ ንዚግበር ወፈራ ህዝባዊ ሓበሬታ ደገፍ ምግባር |
| ከይዲ መስርሕ | ≣ ቴማውን መስርሓውን በዓል ሞያ ምቕራብ<br>≣ ከም ተዓዛቢ ወይ ዓቃባይ ብምውሳእ ዘተኣማምን ሃዋህው ምፍጣር<br>≣ ኣህጉራዊ ደገፍ ምውሓስ<br>≣ ስላጥ ኣኼባታት ጎድና ጎድኒ | ≣ መሓውራት ሓገዝ<br>≣ ቴክኒካዊ ሓገዝ ምቕራብ፤ ኣብነት ኣብ ጉዳያት ልምዓት ንዝሰርሑ ወገናት<br>≣ ማሕበራውን ቁጠባውን ሓበሬታ ምቕራብን ተተሓሓዝቲ ድኽመት ገምጋም ምግባርን |



ምስ... ብምትሕብባር

Schweizerische Eidgenossenschaft
Confédération suisse
Confederazione Svizzera
Confederaziun svizra

Federal Department of Foreign Affairs FDFA
**Directorate of Political Affairs DP**
Human Security Division:
Peace, Human Rights, Humanitarian Policy, Migration

swisspeace
Schweizerische Friedensstiftung
Fondation suisse pour la paix
Fondazione svizzera per la pace
Swiss Peace Foundation

| ኣፈፃፅማ | | |
|---|---|---|
| | ≣ ውፅኢት ኣፈፃፅማ ምቁፅፃር<br>≣ ውፅኢት ኣፈፃፅማ ንምሕጋዝ ኣህጉራዊ ሓገዝ ምዕቃብ<br>≣ ኣብ ውጽኢት ተመርኲስካ ርጉኣት ትካላት ምቛም ደግፍ | ≣ ንውፅኢት ኣፈፃፅማ ንዋያዊ ሓገዝ ብምቕራብ ቀርሰማ ሰላም ምቕራብ<br>≣ ንውፅኢት ኣፈፃፅማ ቴክኒካዊ ሓገዝ ምቕራብ<br>≣ ድሕረ ጎንፂ ዳህሳስ ጠለብ ምግባር |

*ቀንዲ ረቛሒታት*

- ሃገራዊ መዳርግቲ ኣካላት ኣብ ግደ ግዳማውያን ተዋሳእቲ ክውስኑ ምፍቃድ።
- ብዝቐረበ ሓገዝን ኣጋር ብምዃን ንዕዮ እቶም ኣብ ሃገሮም ዝተዋፈሩ ተዋሳእቲ ምትብባዕ
- ምስ ኩሎም ዝምልከቶም ሃገራዊ ተዋሳእቲ ብዘይሻራዊ ምቕራብ።
- ንከባብያዊ ሓቅታትን እሴታት ስርዓትን ክብሪ ምሃብ፤ ዋላኳ እዚኦም ምስ መንግስታውን ብዙሕ ዝጉኖም ውድባትን ዘይስማዕምዑ እንተኾኑ። ኣብ ቅድሚ እቶም ኣብቲ ኸባቢ ዘለዉ ተሰተፍቲ ተኣማንነት ምእንቲ ኸይስእኑ ነቲ መስርሕ ብውልወቃዊ ረብሓታት ዘይምድኻምን ዘይምቅላል።
- ብርኪ ስግግር መብዛሕትኡ ግዘ ናይ ነዊሕ እዋን ርክብ ዝጠልብ ከም ዝኾነ ብምስትብሃል ኣብ ምውላ ተዓፃፃፋይ ምዃን።
- ንሃገራዊ መዳርግቲ ኣካላት ብምምኻርን ብምክታትን ውሰነ ምወላ ምሕላፍ፤ ከምኡ ድማ ብነባራይ ህዝቢ እቲ ከባቢ ሃገራዊ ምይይጥ ኣዝዩ ኣብ ሓገዝ ዝተመርኮሰ ገይርካ ናይ ምርኣይ ኣተሓሳስባ ከይህሉ ምውሓስ።
- ኣብ ከይዲ ሰላም ብዝጎ - መዳርግቲ ኣካላት ዝተለመደ ዝኾነ ፀገም ምውህሃድ ንምቕናስ ከም ጉጅለ ምሕዝነትን ጉጅለ ሓገዝትን ዝኣመሰሉ መይላታት ምጥቃም።
- ቖዳምነት ዝወሃቦም ስትራተጂ ምምጥጣንን መጠን ድልየት ሃገራዊ ኣንቃሳቐስቲ ሃገራዊ ምይይጥ ምትዕርራይን፤ ጠለብ-መሪሕን ኅብረ-ብዙሕን ዝኾነ ኣቀራርባ ምሓዝ (ኣብ ክንዲ ቀረብ-መሪሕን ደራኽን)።

## መለክዒታት ዕዉት ሃገራዊ ምይይጥ

**ቅድመ-ኾነት፡** ምስ ካልእ ወገን ንምምይያጥን ንምትሕብባርን ብጽቡቕ እምነት ንምትሕብባርን ድሉው ምዃን፣ ፖለቲካዊ ድሌትን ነቲ መስርሕ ቄራጽነትን፣ ዝወሓደ ደረጃ ናይ 'ናይ ስራሕ ምትእምማን'፣ ዘይክውንነታዊ ትጽቢታት ተስፋ ምቝራጽ ከምኡ'ውን 'መሰልቸዊ ዘተ' ንምውጋድ ብዛዕባ ሕልኽላኻት ሃገራዊ ምይይጥ ከምኡ'ውን ኣሳልጦ ንምርካብ ዘለዎ ኣጋጣሚ ኣብ ክውንነት ዝተመርኰሰ ገምጋም፣ ተዋሳእቲ ሲቪላዊ ማሕበረ ሰብ ኣንስቲ መንእሰያት ዝተገለሉ ኽፋላት ከምኡ'ውን ካብ ዘይ ወግዓዊ ኹነ ባህላዊ ኽፍልታት ዝመጹ ስልጣን ዘለዎም ሰባት ምእታው።

**ኣህጉራውን ዞባዊን ተዋሳእቲ፡** ኣብ መንጎ እቶም ንሃገራዊ ምይይጥ ንምድጋፍ ዝተገብረ ፈተነ ዝድግፉ ኣህጉራውን ዞባኣውን ተዋሳእቲ ዝወሓደ ፖለቲካዊ ሓባራዊ ስምምዕ፣ብቶም ብፍሉይ ዝቖመሙ ሽምገልቲ ወይ ትካላዊ መልክዕ ዘለዎም(መራኽብቲ ጉጅለ፣ ጉጅለ ምሕዝነት፣ ብፍላይ ንሃገራዊ ምይይጥ ዝምልከት ካብ ) ባይቶ ፀጥታ ውድብ ሕቡራት ሃገራት (ጉጅለታት ኣድራሻ ጉጅለታት ኣዕሩኽ ውሳነ ባይቶ ጸጥታ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ንሃገራዊ ምይይጥ ብንጹር ብምጥቃስ) ሓባራዊ ስምምዕ ምግባር።

**ሚዛን ሓይሊ**፡ መይላታት ኣብ ዙርያ ጠረጴዛ ዝእለይ ዘይተዳራጊ ስልጣምን፣ ኣብ ዘተን ሽምግልናን ውሑድ ተመክሮ ንዘለዎም መዳርግቲ ኣካላት ዓቕሚ ምህናፅ።

**ሓደ ዓይነት ኣተሓሳስባ ዘይብሎም ጉጅለታት**፡ ጸኒሖም መእንታን ነገታት ጨወይቲ ኸይኰኑ ምስቶም ብቐሊሉ ክርከቡ ዘይክእሉ ዕጡቓት ተዋሳእቲ ንምትሕብባር ዝግበር ንጹር ስትራተጂ።

**ኣከብቲ**፡ ብኾሉ ሸነኽ ሕጋውን ዘየዳሉን ተዋሳኢ ጌርካ ዝርአ ሰብ ምምራጽ።

**ጉዳያት**፡ ንታ ሃገር ኣብቲ ግዘ ዝህውኹን ግን ድማ ንምንዳይ ሓቃውነት ዘለዎም ሃገራውን ኣድለይቲ ተተኣሳሰርቲ ጉዳያትን።

**ዓቕሚ ህንፀት፡** ኣብ እዋን ምቕራፅ ሃገራዊ ዘተ፣ ምስላጥ፣ ከምኡ እውን ሽምግልና ብስልጠናን ዓቕሚ ህንፀትን ኣቢልካ ቴክኒካዊ ክእለታት ናይ ውሽጢ ሰባትን ኣስማዕማዕትን ምምሕያሽ፤ እዙይ ድማ ኣብ ግዳማዊ ሓገዝ ከይተመርኮሱ ናይ ባዕልቶም ዛዕባ ክርእዩ ዓርሰ እምነት ይውስኽሎም።



Schweizerische Eidgenossenschaft
Confédération suisse
Confederazione Svizzera
Confederaziun svizra

Federal Department of Foreign Affairs FDFA
Directorate of Political Affairs DP
Human Security Division:
Peace, Human Rights, Humanitarian Policy, Migration

swisspeace
Schweizerische Friedensstiftung
Fondation suisse pour la paix
Fondazione svizzera per la pace
Swiss Peace Foundation

**ዳህሳስን ምድላውን፡** ኣብ ህዝባውን ፖለቲካዊ ክበባትን ዝኣመሰሉ ሓሳብ ሃገራዊ ምይይጥ ምትካል፣ ተዋሳእቲ ጎንፂ ምድላው፣ ኣህጉራውን ዞባውን ተሓላቕነትን ሓገዝን ምእላሽ፣ ከምኡ ድማ መይላታት ርክብ ምምሃዝ።

**ኣፈፃፅማ**፡ ስምምዕ ንዝተገበረሎም ውፅኢታት ንምክትታል ዘኽእሉ መንገድታት፣ ፓርትታት ተሓተትቲ ዝገብር ስልጣን ምሓዝ፣ ንኣፈፃፅማ እቲ መስርሕ ዘድልዩ ካብ ኣህጉራዊ ማሕበረሰብ ሓገዝ፣ ተሞክሮኣዊ ፍልጠት፣ እንተድልዩ ድማ ጥበብ ዝተመልኦ ማዕቐብ።

**ናይ ድሕንነት ውሕስነት**፡ ፖለቲካዊ መስጐጕቲ ኽይፈርህካ ብናጻን ብርእስኻን እትዓየሉ ቦታ፣ ቀጻሊ ዝኾነ ዓመጻ ደው ምባል ተቓወምቲ ጕጅለታት ምእጋድ ከምኡ'ውን መራኸቢ ብዙሓን ናጽነት ከም ዝህልወካ ምግባር።

**ስግግር ፍኖት ካርታ**፡ ተመዓዳዳዊ ቁጠባ፣ መዋቕራዊ፣ ከይድታት ተሃድሶ ፖለቲካውን ቤት ፍርድን፣ ከም ቀርሰማ ሰላም ዝግበር ናይ ሓፂር እዋን ግብረ ሰናይ ተራድኦ ስጉምትታት ንመደብ ምርግጋጽ ቁጠባን።

## መዋጥር፣ ተላዝበ ንግዲ፣ ክፉት ሕቶታት

ሃገራዊ ምይይጥ ዝተሓላለኸን ጠለብ ዝሓትትን መስርሕ እዩ። ብዋናነት ፖለቲካዊ ባህሪ ኣለዎም፣ መብዛሕትኡ እዋን ኣብ ሓቀኛ ፖለቲካ ዝተመስረቱ፣ ፀቢብ ግላዊ ድልየትን/ ወይ ስልሒት ፓርቲ ፖለቲካ። እዙይ ማዕረ ኣብ ዞባውን ኣህጉራውን ስልጣን እውን ይሰርሕ፣ ንከይዲ ሃገራዊ ምይይጥ ዘለዎም ምርጫ ድጋፍ፣ ዘይሻራዊ ወይ ተፃባኢ ምኺኑ ብዘየገድስ። ኣብ ርእሲ እዙይ እውን ተቓወምቲ ሓይልታትን ኣብ መላእ ዞባ ዘለው ቺቪክ ማሕበረሰብን ብዙሓት ምይይጣት ፍረ ኣልቦ ስለዝኾነ ይሰላቸው። እዙይ ድማ ዓቕሚ ሓቃዊ ምይይጥ፣ ከምኡ እውን ንቲ ኣብ ግብሪ ዝወዓለ ተኣማንነት ብምቅጨጭ ጥርጣረን መሰልቸዊ ዘተን የስዕብ። ሃገራዊ ምይይጥ - ወይ በዙይ ምኽንያት ዝኾነ ከይዲ ውዕሊ - ኩልግዘ 'ጎንፂ ብኻልእ መንገዲ ምቕፃል' ይኸውን። ሃገራዊ ወይ ምይይጣዊ ዘይክኾኑ ይኽእሉ መብዛሕትኡ ግዘ ድማ ሓሳባዊ ዝዓይነቶም ፍፁምነት ዘይብሎም መይላታት እዮም። ዋላኳ መስርሕ ከይዲ መፅሓፍ እንተተነደፈ ካብ ቁፅፅር እቶም ንቲ ከይዲ መስርሕ ዘካይዱ ወይ ዝድግፉ ዘለው ኩነታት ንቲ ከይዲ መስርሕ ዘፍርስሉ ተኻእሎ ኣሎ፤ ንኣብነት፤ ዘባዊ ሓይልታት ጣልቃ እንትኣትው፣ ዓለምለኻዊ ሓይልታት ሓገዞም ጠጠው እንተብሉ፣ ወይ ድማ እታ ሃገር ናብ ቀጠና ውግእ ውክልና እንትኣትው።

ኣብ ትሕቲ እዚ ዓውዲ ብሓቂ ዝከኣል እሙን ገምጋም ንምክያድ መዳርግቲ ኣካላት ጎንፂ ከምኡ እውን ክኢላታትን ወሃብቲ ሓገዝን ኣብ ዝኾነ ብርኪ ነዚ ልቢ ክብልዎ ኣለዎም። እዚ መስርሕ እዚ መብዛሕትኡ ግዜ ኣብ መንጎ ኣድላዪነት (ኣብ ሓደ ኾነታት እንታይ ኬጋጥም ከም ዘለዎ) ተበሃጊነት (ብስነሓሳብ ደረጃ እንታይ ከም ዝከኣል) ከምኡ'ውን ዕድላት ማዓፁ (እንታይ እዩ ዝከኣል) ንርእሶም ዘቕርቡ። ኣብ ርእሲ እዚ ሃገራዊ ምይይጥ ኣድላዪ ዝኾነ መብዛሕትኡ ግዜ መንግስትን ማሕበረሰብንዘለዎ ርክብ ይዝረግ ሕማቕ ኮይኑ ኣሎ ማለት እዩእዚ'ውን ብግዲኡ ውጽኢታዊ ናይ ምዝርራብ መስርሕ ንምምዕባልን ንምዕቃብን ኣጸጋሚ ይገብሮ። ኣብ መንግስቲ፣ ወከልቱን ትካላትን ምትእምማንን ዓርሰ እምነትን ምህናፅ ናይ ነዊሕ ግዘ ከይዲ እንትኾን እዙይ እውን ልዕሊ እቲ ሃገራዊ ምይይጥ ባዕሉ ቀፃላይ እዩ።

እዛ ማኑዋል እዚኣ ናይ ሃገራዊ ምይይጥ መስርሕ ንድፍን ምምራሕን ዝኸውን ተክኒካዊ ስጉምትን ኣማራጺታትን እትገልጽ እኳ እንተ ኾነት ንዚ ከይዲ መስርሕ ኣብ ግብሪ ንምውዓል ዘጋጥሙ ብዙሓት ማሕለኻታትን ተለዋዋጥነትን ከቢድነትን ባህሪ ፖለቲካ ንፈልጥ ኢና። ኣብ ዙርያ ውሳነ ምሕላፍ ዘለው ዛዕባታት፣ ዘይመጣጠን ሓይሊ፣ ተክኖክራክት ኣተገባብራ እዚ መሳርሒ፣ ነገራት ከም ድላይካ ምጥውዋይን ፖለቲካዊ ምግባርን ኣብዙይ ማንዋል ዘይተመለሱ ብድሆታት እዮም። እዚ ማንዋል ኣብ ከይዲ ዘሎ ስራሕ ከም ዝኾነ ንርዳእ፣ ንካልኦት ክትዓት ዘተባብዕን ነዚ ውሉድ ዓውደ ፍልጠት ሞያዊ ክኸውን እጃም ይገብር።


Schweizerische Eidgenossenschaft
Confédération suisse
Confederazione Svizzera
Confederaziun svizra

Federal Department of Foreign Affairs FDFA
Directorate of Political Affairs DP
Human Security Division:
Peace, Human Rights, Humanitarian Policy, Migration

swisspeace
Schweizerische Friedensstiftung
Fondation suisse pour la paix
Fondazione svizzera per la pace
Swiss Peace Foundation

## ብዛዕባ ማኑዋል ሃገራዊ ምይይጥ

እዚ ማኑዋል ናይ ክልተ ዓመት (ካብ መጋቢት 2015 - ሚያዝያ 2017 ዓ.ፈ) ፕሮጀክት ኮይኑ ዝተዳለወ እንትኾን ምስ ምትሕብባር ስዊስ ፒስ ብትካል በርግሆፍ ዝፍፀም እዩ። እዚ ፕሮጀክት እዚ ምስ ፈደራላዊ ኽፍሊ ወጻኢ ስዊዘርላንድ ብምትሕብባር ብፌደራላዊ ቤት-ጽሕፈት ወጻኢ ጀርመን እዩ ብገንዘብ ዝድገፍ ነይሩ። መቦቀላውን ኣሳታፍን ኣብ ዝኾነ ኣንፈት ምርምር ተመስሪቱ ዝማዕበለ እዚ ማኑዋል ንፋላማይ ተሞክሮ ሃገራዊ ምይይጥ ብቐዳምነት ተመክሮ መዳርግቲ ኣካላትን ሰብ ሞያን ተጠቒሙ እዩ። ትካል በርግሆፍ ምስ ስዊስ ፒስ ብምትሕብባር ብዝተፈላለዩ ሜላታት ኣቢሉ ንሃገራዊ ምይይጥን ካልኦት ከይድታት ስግግርን ኣብ ምሕጋዝ ዘለዎ ሰፊሕ ተሞክሮ ኣደልዲሉ እዩ። ገለ ካብዚ ድማ ብዛዕባ ጓቲማላ ሊባኖስ ሊብያ ማሊ ነፓል ሱዳን ቱኒዝያ ዝተገብረ ትንተናዊ ምርምርእንትኾኑ እዙይ ድማ ውሑዳት ጉጅለታት ብዘለዎም ብፍላይ ኣብቲ ከባቢ ብዝነብሩ ሰብ ሞያን ኣብ ፋልማይ እቲ ከይዲ ተፀምቢሮም ብዝነበሩን ናይ ውሽጢ ኣካላትን ዝተረቀ እዩ። እቶም ዝርዝራዊ ዝኾኑ ምርምራት ትንተና ብቴማዊ መፅናዕቲ፣ ብሰፊሕ ተመክሮ ሃገራዊ ምይይጥን ተመሳሰልቲ ከይድታትን ዝተፈላለያ ሃገራት፣ ምስ ኣማኻሪ እቲ ጉጅለ ኣብ ሃገራዊ ምይይጥን ልውውጥን ንጡፍ ብዝኾነ ተሳትፎ ምምኻር ሰብ ሞያ ዝተደገፈ እዩ። ዓለምለኸ ክኢላታት፥ ጉጅለታት ተክኒክ ከምኡ'ውን ጉጅለ ፍሉይ ኣማኻሪ ሕቡራት ሃገራት ንትሕዝቶ እታ መምርሒ መጽሓፍ ርኢቶ ብምሃብ ነቲ ኣብ ምድሪ ዘሎ ግብራዊ ሕቶታት መልሲ ከምሃበት ንምርግጋጽ ከም ክፍሊ ናይቲ ኣማኻሪ ጉጅለ ኹይኖም እውን ተወዲቦም ኢዮም።

**ኩሎም ኣብዚ ዓውዲ ፕሮጀክት ዝተፅሓፉ ሕታማት ኣብዚ ክርከቡ ይኽእሉ- www.berghof-foundation.org/publications/national-dialogue-handbook።**



Schweizerische Eidgenossenschaft
Confédération suisse
Confederazione Svizzera
Confederaziun svizra

Federal Department of Foreign Affairs FDFA
Directorate of Political Affairs DP
Human Security Division:
Peace, Human Rights, Humanitarian Policy, Migration

swisspeace
Schweizerische Friedensstiftung
Fondation suisse pour la paix
Fondazione svizzera per la pace
Swiss Peace Foundation

All publications developed in the context of this project can be accessed at:
www.berghof-foundation.org/publications/national-dialogue-handbook